# *ስጋ'ዛ ሃገር ኢሉ ዝመሓለ ህዝቢ ታሪኽ ጅግንነት ይሰርሕ ኣሎ።*

*ህዝቢ ኤርትራ ንኽተመስግኖ ቃላት ዘይርከቦ ሓያል ህዝቢ እዩ። ኣብ ኩሎም ዝተፈላለዩ ፈተንቲ መድረኻት ዘርኣዮን ዘርእዮ ዘሎን ውሁድ መኸተ ንዓለም ዘስተንከረ ንኹሎም ብድሆታት ዝሰዓረ ህዝቢ ብኸመይ ከምትገልጾ ይሕርብተካ። ኣካሉ ምኧን የኹርዓካ። ዝያዳ ንክትብርትዕ ይገብረካ። ኣዕሙቕካ ድሕሪ ምሕሳብ ዕድመን ጥዕናን ይሃብካ ብምባል ሰናይ ምንዮትካ ብምግላጽ ተመስግን። ሰብ ንዘልኣለም ክነብር ዝተፈጥረ ፍጡር ኣይኮነን። ካብ ዓለም ክሰናበት ከሎ ምስኡ ዝወስዶ ሃብቲ የለን። ግን ጽቡቕ ተግባራቱ ንሂወቱ ወኪሉ ንዘልኣለም ኣብ ታሪኽ ክዝከር እነብር። ኩነታት ዝጸንከረ ይጸንክር፡ ዝነውሔ ይንዋሕ ህዝብና ክይሰልከየ፡ ብተስፋ ቀቢጸ ዝናፈሱ ወሬታት ከይተደናገረ ዝጀመሮ ጉዕዞ ብዓወት ክሳብ ኣብ ምዕራፉ ዝበጽሕ ኣይስልክን። ኣብቲ ዓለም ኣንጻርና ዝነበረትሉ እዋን ዘይተሳዓርና ሕጂ ግዳ ነዚ ጸላኢ ዓለም ዝኾነ ኮቪድ19 ዘይንስዕረሉ ምኽንያት የለን።*

*-መርሓባ ህዝበይ ህዝቢ ኤርትራ፡*
*ኣብ ሃገር ዘሎኻ ኣብ ርሑቕ ስፍራ፡*
*ዓቢኻ ንእሽቶይ ኩልኻ ብሓበራ፡፡*
*-ወፈያኻ ይዘንብ ከም ክራማት ኣዝመራ፡*
*ዘዘለዋ ትህብ ኩላ ስድራ፡*
*ህዝባ ከተድሕን ካብ ኮሮና ወረራ፡፡*
*-ሓላል ህዝቢ ነንሕድሕዱ ዝናቢ፡*
*ንኹሉ ዝጻወር የዕብዩ ልቢ፡*
*ኣባይ ምስዝመጾ ዝናኽስ ከም ንህቢ፡፡*
*-እዚ ለዋህ ህዝቢ ጃህራ ዘይፈቱ፡*
*እንትርፎ ናቱ ዘይጥምት እንዳማቱ፡*
*ፍሉጥ ኣፍሪቃዊ በይኑ ሕላገቱ።*
*-ዘበነ ኩናት ኣሕሊፉ ዘበነ እገዳ፡*
*ኢቃለስ ኣሎ ጸረ ኩፉእ ለበዳ፡*
*ናብ ካልእ ኣይጥምትን ንለቓሕ ንዕዳ፡፡*

*ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና*
*ዓወት ንሓፋሽ*
*ገብረንጉስ መስመር*